ቤተ ክርስቲያን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ
ኣስመራ - ኤርትራ

ቀ.ሳ.ፖ. 244
ቴሌ. 00291-1-12 02 06
ፋክስ 00291-1-12 65 19

# ሞተ ዘኢይመውት፡ ሞተ ከመ ይሥዓር ለሞት
# ሞተ ከመ ያሕይዎሙ ለሙታን

በዓለ ትንሣኤ ፳፬ ሚያዝያ ፳፻፲፫ ዓ.ም.ግ/ 05 ግንቦት 2013 ዓ.ም.ፈ

እዚ ካብ መጽሓፈ ቅዳሴ ዘእምቅድመ ዓለም ጠቒስና፡ ኣብ ላዕሊ ኣሰፊርናዮ ዘሎና ናይዚ መልእኽትና ኣርእስቲ፡ ብሕጽር ዝበለ መልክዑ ንምሉእ ትርጉም ናይ በዓለ ትንሣኤ ዝገልጸልና እዩ። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ድንግል ማርያም ሥጋ ለቢሱ ኣብ ቤተልሔም ካብ ዝተወልደ፡ 33 ዓመት ኣብዚ ምድርዚ ብዘይካ ኃጢኣት፣ ከምና ንኡር ሰብኣዊ ሕይወት እናነበረ ላዕልን ታሕትን ይብል ካብ ዝነበረ፡ ብፍላይ ኣብተን ናይ መወዳእታ ሠለስተ ዓመት፡ መንግሥተ ሰማያት ቀሪባ እያ እሞ ተነስሑ ብወንጌል ከኣ እመኑ እናበለ ቀዋሚ ናይ ድኅነት ዜና ካብ ዝሰበኸ፡ ሕሙማት ካብ ዘሕወየ፡ ንዝጠመዩ ካብ ዘጽገበ፡ ንዝሞቱ ካብ ዘተንሥአ፡ ጥበብ ዝመልኦ ምሳሌታትን ብዙኅ ተኣምራታዊ ተግባራትን ካብ ዝፈጸመ ወንጌላውያን ይትርኹልና እዮም። ብሓጺሩ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝገበሮን ዝመሃሮን ዝሃቦን ኩሉ ንድኅነትና ዝዓለመ ከም ዝነበረ ርዱእ እዩ። ኣብ ክንዲ እዚ ኩሉ ዝገበሮን ዝመሃሮን ጽቡቕ ግን፡ ምስጋና ዘይብሉ ሕማቕ እዩ ዝተፈደዮ። እምቅድመ ዓለም ዝኣርኣዮ ኣብ መጽሓፈ ቅዳሴና ዝርከብ ኣብ ዘመነ ትንሣኤ እንጥቀመሉ ኣኰቴተ ቍርባን ከምዝብሎ፡ "ኣኃዝዎ ኣይሁድ ወለተምዎ ውስተ ዐውድ፡ ለዘኵሎ ይቀውሙ ሠራዊተ መላእክት በፍርሃት ወበረዓድ፤ ሰቀልዎ ላዕለ ዕፅ ወቀነውዎ በቅንዋት፡ ወኰርዕዎ ርእሶ በሕለት፡ ረገዝዎ ገቦ በኲናት፡ ኣስተይዎ ሐሞተ ወመሪረ ቆሊሖ ለዘኣስተዮሙ ለእስራኤል እምጽኑዕ ዕብን ለሰብአ ዓይፃ" (ቅዳሴ እምቅድመ ዓለም)። ኣይሁድ ኃዘም፡ ነቲ ሠራዊት መላእኽቲ ብፍርሃትን ብራዕድን ዚቖሙሉ ንእኡ ኣብ መጋበእያ ኣቒሞም። ኣብ ዕንጨይቲ ሰቒሎም፡ ብለሳም፡ ብመስማር ሸንኪሮም፡ ርእሱ ብበትሪ ወቒዖም፡ ጐድኑ ብኲናት ወጊኦም። ነቲ ንእስራኤል ንሰብኣ ዓይኒ (ሕዝ 3:17፣ ዘኍ 13:1-2) ካብ ሓደ እምኒ ማይ ኣንቂዑ ዘስተዮም፡ ንጽምኡ ሓሞትን ከርበን ዝተሓወሰ ኣስተይዎ (ዘኍ 20:11፣ ዮሓ 19:28-30) ይብለና።

ኣብዚኦ እዚ ኩሉ ከሕደትን ጭካነን ንምንታይ እዩ? ንሱኸ ምስቲ ምሉእ መለኮታዊ ክእለቱን ኃይሉን፡ ነዚ ኩሉ ግፍዒ ሰቕ ኢሉ ዝሸከሞ ንምንታይ? ዝብሉ ሕቶታት ከመጽኡና ናይ ግድን እዩ። ወልደ እግዚኣብሔር ከኣል ኩሉ ክንሱ ነቲ ኩሉ ስቓይን ጭንቅን እውን ብኃይለ መለኮቱ ክከላኸሎን ክሰዕሮን እናኸኣለ፣ በጃና ክሳቕን ክሓምምን መረጸ። ኢሳይያስ ነቢይ ከምዝበሎ፡ "ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ፆረ፡ ንስቓይና ከኣ ኣብ ነፍሱ ሰኸመ፡ ንሕና ግና ብእግዚኣብሔር ከምዝተወቕዐ ከምዝተቐጽዐን ከምዝተዋረደን ገርና ቈጸርናዮ። ንሱ ግና ብበደልና ቈሰለ፡ ብበደል ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፣ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕናውን ብመውቃዕቱ ሓወና። ኩላትና ከም ኣባጊዕ ሰሓትና ነፍሲ ወከፍ ናብ መገዱ ተመለሰ፡ እግዚኣብሔር ከኣ ኣበሳ ኩላትና ኣብኡ ኣውደቖ" (ኢሳ 53:4-6)። "ንሕይወቱ ንሞት ኣሕሊፉ ሃበ፡ ምስ በደለኛታት ከኣ ተቖጽረ፡ ንሱ ኃጢኣት ብዙኃት ፆረ፡ ኃጢኣቶም ምእንቲ ኪሕደገሎም ከኣ ምእንቲ በደለኛታት ለመነ" (ኢሳ 53:12)። በተሓሳቢ ሰብ እዚ ኩሉ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንትና ዝኸፈሎ ዋጋ ዕሽነት እዩ። ምስ ኃይሉን ምስ ክእለቱን ከመይ ንምንታይ "ንኻልኦት ኣድኃነ ንርእሱ ግና ኪድኅን ኣይከኣለን፣ ንሱ ንጉሥ እስራኤል እንተደኣ ኮይኑ ሕጂ ካብ መስቀል ይውረድ፡ ንሕና ከኣ ብእኡ ክንኣምን" (ማቴ 27:42) እናበሉ ክሰዕ ዘላግጹሉ ዝተዋረደ? ንዚብል ሕቶ፡ ቅዱስ ጳውሎስ "እግዚኣብሄር ግና ነቶም ጥበበኛታት ምእንቲ ኬሕፍር ነዕሽነት እዚ ዓለም ኣዚሉ ኃረየ፤ ነቶም ብርቱዓት ምእንቲ ኬሕፍር ከኣ ንድኻም እዚ ዓለም ኣዚሉ ኃረየ" (1ቆሮ 1:27) ዚብል መልሲ ይህበና። መንገዲ ሰብን መንገዲ እግዚኣብሔርን፡ ጥበብ ሰብን ጥበብ እግዚኣብሔርን ነንበይኑ እዩ። ናይዚ ዓለም ቅምሻር ኣብ ኃይሊ ፍትወት ሥጋን፡ ሃብትን፡ ሥልጣንን ዝተመስረተ እዩ።

እንደገና ኣብቲ ዝጠቐስናዮ መጽሓፈ ቅዳሴ ከም እንረኽቦ፡ ብዛዕባ ትርጉም ሞት መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "ሞተ ዘኢይመውት፡ ሞተ ከመ ይሥዓር ለሞት፡ ሞተ ከመ ያሕይዎሙ ለሙታን በከመ ኣሰፈዎሙ በቃለ ኪዳኑ" (ቅዳሴ እምቅድመ ዓለም)። ዘይመውት ሞተ፡ ንሞት ክሰዕር ሞተ፡ ከምቲ ብቓል ኪዳን ዝኣተወሎም ንሙታን ኪትንሥኦም ሞተ፡ (1ቆሮ 15:3-6) ይብለና። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽ ሰለዝኾነ ብርግጽ ኣይመውትን እዩ። ፍጹም ሰብ ሰለዝኾነ ከኣ ብርግጽ ሞይቱ ተቐቢሩ እዩ። ሞቱ ግን ተራ ሞት ደቂ ሰብ ኣይኮነን፡ ንሞት ንሓዋሩ ምእንቲ ክሰዕር፡ ንሕና ንመውቲ ከኣ ዘለዓለማዊ ሕይወት ምእንቲ ክውርሰና እዩ ዝሞተ። "ሞት ብዓወት ተዋሒጡ" ዚብል ጽሑፍ ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስ እዩ ተፈጺሙ። ሽዑ ጥራይ ኢና፡ "ኣ ሞት ኣበይ ኣሎ ዓወትካ? ኣ ሞት ኣበይ ኣሎ መውጋእትካ?" (1ቆሮ 15:53-55) እናበልና ናይ ዓወት መዝሙር ክንዝምር ንኽእል። ሞት ንሕይወት እትጸረር እያ። ዝዓበየትን ናይ መወዳእታን ጸላኢትና ከም ምዃና መጠን ብመድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ እያ እትስዓር። ምሳኡ ፍጹም ኅብረት እንተሊና ከኣ ንሕናውን ክንስዕራ ኢና። "ኣብ ክርስቶስ ዘለና ተስፋ ኣብዚ ሕይወት እዚኣ ጥራይ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ካብ ኩሉ ሰብ ኣዚና ዘደንግጽ ምስኪናት ኢና።

ሕጂ ግና ክርስቶስ ካብ ምውታት ተንሢኡ፡ በዚ ኸኣ ናይቶም ዝሞቱ በኹሪ ትንሣኤ ኮነ" (1ቆሮ 15:19-20)። ትንሣኤ ማለት እምበኣር፡ ቅድሚ ኹሉ ኣብዚ ምድርዚ ክሎና፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ባርነትን ኃይልታት ጸልማትን፡ ሓራ ምዃን ማለት እዩ። ከም ባርነት ሥጋ፡ ባርነት ስስዕቲ ባርነት ሥልጣን ዝበሉ፡ ሕማቓት ልማዳት ተቖጻጺሮምና እንተለው፡ ኢየሱስ መድኃኒ ሰሚዒውን ሓራ ክውጽኣና ይኽእል እዩ፡ ብሓጺሩ ክንልወጥ ንኽእል ኢና። ፋሲካ ማለት ንርእሱ ካብ ሞት ናብ ሕይወት፡ ካብ ባርነት ናብ ናጽነት፡ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ካብ ጽልኢ ናብ ፍቕሪ፡ ካብ ውግእ ናብ ሰላም ምስጋር ማለት እዩ። ኢየሱስ ክርስቶስ ብኃይሊ መስቀሉ ንመኳንንቲ ጸላም ኣሸኒፉዎም እዩ (ቅዳሴ እምቅድመ ዓለም)። ክርስቶስ ብትንሣኤኡ ደቂ ዓወት ገይሩና እዩ። በዚ ምኽንያት ኢና ሰይቲ ፋሲካውን "ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን በዓቢይ ኃይል ወሥልጣን፡ ኣሰሮ ለሰይጣን ኣግአዞ ለኣዳም እናበልና ናይ እምነት ጭርሖና ነቃልሕ። ከምቲ ኢሳይያስ ነቢዩ "እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንሞት ንሓዋሩ ከጥፍኦ እዩ፡ ንንብዓት ከኣ ካብ ገጽ ኵሎም ኪደርዞ እዩ" (ኢሳ 25:8) ዝብሎ ተስፋ ዝሀበ ትንቢት ዝተገበረ፡ ብሞትን ትንሣኤን መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተስፋ ኣበው ተፈጺሙ እዩ።

ነዚ ድኅነትዚ ብጭቡጥ ንምውናንን ንምስትምቓርን ግን ናትና ምሉእ ተሳትፎ እውን ይሓትት እዩ። በዚ ጊዜና "ድኅነ፡ ንእምነት ረኺበ" ዝብሉ በዚሖም ኣለው። ድኅነት ግን ከይጸዓርካ፡ ብዕድል፡ ኣብ መገዲ እትረኽቦ ኣቕሓ ኣይኮነን። ሽሕኳ ብወገን እግዚኣብሔር ኩሉ እቲ ዘድሊ ናይ ድኅነት ስራሕ ተፈጺሙ እንተኾነ፡ ብወገንና ግን መዓልቲ መዓልቲ ብእምነትን ብተስፋን ብፍቕርን እናነበርና ኢና ነቲ ብክርስቶስ ዝተዋህበና ጸጋ ድኅነት ኣብ ሕይወትና ብግብሪ ተግባራዊ እንገብሮ። ብፍላይ ሎሚዘመን ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመት እምነት፡ ኣብ ምሥጢረ ፋሲካ፡ ማለት ኣብ ሰቕያትን ሞትን ትንሣኤን መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዘሎና እምነት ምእንቲ ክዕበብን ክድልድልን "እምነትና ወስኸልና" (ሉቃ 17:5) እናበልና ኣበርቲዕና ክንልምኖ፡ ከምቲ ልሙድ ንገብሮ ከኣ ንእምነት ዝሕግዙን ዘገልግሉን ከም ንግደትታት ምግባር፡ ምሥጢራት ምቕባል፡ ቃል ኣምላኽ ምስማዕ፡ ህያብ ጸሎት ምብጻሕ፡ ዝኣመስሉ መንፈሳውያን ተግባራት ምፍጻም ኣድላዪ እዩ። ንሕና ደቂ ትንሣኤ ኢና በዚ ንደቂ ትንሣኤ ዝበቅዕ ሕይወት ክንነብር ይግባእ። በዚ እዩ ቅዱስ ጳውሎስውን "ደጊም ንክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታ እዩ ኢልኩም ካብ ተቐበልኩምዎ ብኣኡ ንበሩ። ከምቲ ዝተመሃርኩምዎ፡ ኣብኡ ተሠሪትኩምዎን ተሃኒጽኩምዎን ብምስጋና መሊእኩምዎን ኣብ እምነት ጽንዑ" (ቆላ 2:6-7) ዝበለና። ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስ ምእማን ማለት እምበኣር ንእሉ ምምሳል፡ ኣሠሩ ምኽታል፡ ትምህርቱ ሰሚዕካ ኣብ ግብሪ ምውዓል፡ ትእዛዛቱ ምሕላው፡ ብሓጺሩ ዕለት ዕለት ፍቓድ እግዚኣብሔር ምፍጻም ማለት እዩ። "ስለዚ ነቲ ሥጋዊ ሰሚዕትኩም፡ ማለት ምንዝርና፡ ርኽሰት፡ ፍትወት ሥጋ፡ ክፉእ ትምኒት፡ እቲ ኣምልኾ ጣዖት ዝኾነ ስስዕ፡ ቅተሉ።...ንስኻትኩም ቀደም ነዚ ነገራትዚ እናገበርኩም ትነብሩ ነበርኩም። ሕጂ ግና ካብ ቍጥዓ፡ ካብ ሕርቃን፡ ካብ ክፍኣት፡ ስም ሰብ ካብ ምጽላም፡ ካብ ጸያፍ ዘረባ ዝበለ ኩሉ ረሓቑ "(ቆላ 3:5.7-8)።

መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንማርታ ሓውቲ ኣልኣዛር፡ "ትንሣኤን ሕይወትን ኣነ እየ፡ እቲ ብኣይ ዝኣምን እንተ ሞተ እኳ ብሕይወት ክነብር እዩ። እቲ ብኣይ ዝኣምን ሕያው ዘበለ ኩሉ ንዘለኣለም ኣይክመውትን እዩ፤ እዚ ዶ ትኣምንዮ ኢኺ?" ዮሓ 11:25-26) ክብሎ ከሎ፡ ብክርስቶስ ዝኣምን ዘበለ ኩሉ፡ ኣብዚ ምድሪ ከሎ እውን ድሮ ሕይወት ትንሣኤ ከምዝጀመረ፡ ልርቡን ዘለዓለማዊ ሕይወትውን ከምዝተቐበለ የረጋግጸልና። ጨራ ሰንበት ትንሣኤ እያ ንጸልማት ዓርቢ ስቕለት ጨራ ተስፋን ትብዓትን እትህብ። ኣብዚ ምድራዊ ጉዕዞና ዘጋጥመና ስቓይን፡ ፈተናን፡ ቢቲ ኣብ ትንሣኤ መድኃኒ ዓለም ዘሎና እምነትን ተስፋን እዩ ክንጻወሮን ክንሰግሮን ዝከኣል። ቅዱስ ጳውሎስ እውን፡ "ደጊም ምስ ክርስቶስ ካብ ሞት ተንሢእኩም ኢኹም እሞ ቀልብኹም ኣብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ነገራት ኣብቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጡሉ ዘሎ ግበሩ። ሓሳብኩም ናብቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ዘይኮነስ፡ ናብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ የቕንዕ። ከመይ ሞይትኩም ኢኹም፡ ሕይወትኩምውን ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሓቢኣ ኣላ"(ቆላ 3:3) ይብለና። ሰንሰለት ባርነትን መንፈሳዊ ሞትን ክበትኽ ዝኽእል እቲ ካብ ሙታን ዝተንሥአ ክርስቶስ'ዩ፡ እቲ ምሉኡ ምሉእ ንብረት ዘለዎ ኣማንን ፍሉይ ክምዝኾነ ግሉጽ እዩ። "ሞት ዘሊ ይመውት፡ ሞት ከም ይሰዓር ሰምት ሞት ከም ያሕይዎም ለሙታን" እቲ ዘይመውት፡ ንሞትና ምእንቲ ክሰዓሮ፡ ንሕና ንመውትን ድኽማትን ኃይሉን ዓወቱን ምእንቲ ክንናጸፍ እዩ ነዚ ፋሲካዊ ተኣምር ዝፈጸመ። ስለዚ እምነትና ብምሕዳስ "ትንሣኤከ ለእለ ኣመነ ብርሃንከ ፈኑ ላዕሌነ" (እሰመ ለዓለም ዘትንሣኤ) እናበልና ነዚ ዝመጽእ በዓላት ትንሣኤ ነኽብሮን ንዝክሮን። ንኩላትና ኣብ ዓድን በረኻን ወጻእን እንርከብ ቡሩክ በዓለ ትንሣኤ ይግበረልና። እታ ኣብ ማእከል ሓዋርያት ተቐሚጣ መንፈስ እቲ ካብ ሙታን ዝተንሥአ ወዳ ዝተቐበለት ኣዴና እግዝእትነ ማርያም ህብታት መንፈስ ቅዱስ ተማልደልና። እቲ ካብ ሙታን ምስ ተንሥአ፡ ኣብ ማእከል ኣርድእቱ ደው ኢሉ "ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን" (ዮሓ 20:19) ዝበሎም ንገዛእ ሰላም ክርስቶስ ንኹላትና [illegible] ሰላሙ ይዓድለና። ኣሜን።

+ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

ጳጳስ ዘመንበረ ኣሥመራ